# መረዳድኢ መዘከር

ናይ ህዝቢ ኤርትራ ልዕላዉነት፡ ሓርነት፡ ግዝኣተ ሕጊ ንምርግጋጻ ኣብ ዝካየደሉ ዘሎ ማሕበራዊ ሰዉራ ንህዝቢ ኤርትራ ንምሕያልን ሕቶ ዋንነት፡ ተሳታፍነትን ወሳንነት ህዝቢ ንምርግጋጽ፡ ካብቶም ነዚ ቀንዲ ዕላምታት ንምዕዋት ዝቃለሱ ዘለዉ ዜጋታት፡ ተባታቲኑ ዝርከብ ሰብኣዊ፡ ነገራዊን መንፈሳዊ ጸጋታቶም ንምእካብን ንዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ንምቅርራብን ፡ ዝያዳ አድማዒ ኮይኑ ንኽወጽእ አብ ዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕሪታት መሰረት ብምግባር፣ ተወከልቲ ህዝባዊን ሲቪክ ፖለቲካውያን ምንቅስቓሳት ተራኺብና፡ ንህልዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ብዕቱብ ድሕሪ ምድህሳስን ምዝታይ ፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ንኽንቃለስ ኣብ ናይ ሓባር ማእከላይ መረዳእታ በጺሕና ኣሎና።

አብ ዝተፋላለዩ ጉዳያት ብሓባር ተዋሃሂድና ንክንሰርሕ ዘኽእለና እምነ-ኩርናዕን መሰረት ሃገራዊን ህዝባዊ ኣዕኑዳት ብምዝታይ፡ አብዚኤን ዝስዕቡ መሰረታዊ ዝኾኑ መቐምያታት ብምርዓም ተሰማሚዕና።

1. ሓድነት ህዝብን መሬት ኤርትራ፡ ኤርትራዊ መንነትን ሃገርነት ምዕቃብን ምክልኻልን ::

2. ቀዳማይ መድረኻዊ ዕላማ ናይ መላእ ተቓቃከቐሃከልዲዓለመንነ

9. ምስ ጎሮባብትናን ዓለምናን ኣብ ሓድሕድ ምክብባር፡ ኣብ ማዕርነታዊ ሽርክነት ፡ ኣብ ናይ ሓባር ጥቕሚ…ወዘተ ዝተሞርኰሰ ጥዕና ዘለዎ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ክምዝፍጠር ምግባር።

- ክላቶም ሽንኻት ነዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ መሰረታዊ ሃገራዊ ጉዳይ ምርኩስ ብምግባር፣ ንዕኡ ዘዑሙቕ ኣብ ዜናዊ መዳይ ፓለቲካዊን ዲፕሎማስያውን ህዝባውን ንጥፈታት ብሓባር ከካይዱ ተራዳዲኦም። እዚ ተበግሶ'ዚ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ተግባር ንምውዓሉ እቲ ርኽክባት ቀጻሊ ክኸውን ሓባራዊ መረዳእታ ዝሓዘ ውሳኔ ኣጽዲቖም።
- እዚ መረዳድኢ መዘከር እዚ ንኹሎም እቶም ኣካል ናይዚ ተበግሶ'ዚ ኲይኖም ክሳተፉ ንዝደልዩ ኤርትራውያን ክፉት እዩ። እዚ ከኣ ነዚ ተበግሲ'ዚ ዘስፍሕን ፡ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ዝግበር ቃልሲ ዘሐይልን ፡ ንምውዳቑ ዘቀላጥፍን፡ ዲሞክራስያውን ፖለቲካውን ብዙሕነት ስርዓት ኣብ ምፍጣር ግደ ክጻውት ዘኽእል እዩ።
- በዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት መሰረት ናይ ሓባር ስራሕን ሃገራዊ መቕምያታትን ናይ ኩሎም ነዚ መዘከር'ዚ ዝፈረሙሉ ምቕያድ ምኺኑ ተነጺሩ ኣሎ።

ኣብዚ መዘከር'ዚ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ዝበጽሑ ወገናት ፣

1. ኤርትራዊ መድረኽ ንለውጢ:

2. ኤርትራዊ ምንቅስቃስ ንፍትሒ:

3. ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ዓፋር ኤርትራ

4. ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

ዘላኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንስዉኣት ኤርትራ!

02-10-2014

المنتدى الارترى للتغيير | الحركة الديمقراطية العفرية الارترية | الحركة الارترية للعدالة | الحركة المدنية الديمقراطية الارترية

Eritrean Civic Democratic Movement | Eritrean Movement for Justice | Eritrean Afar Democratic Movement | Eritrean Forum for Change